# ትምህርቲ ሚኒስትር

**315 Front Street West Toronto ON M7A 0B8**

# ዝኸብርኩም ወለዲ ተቐማጦ ኦንታርዮ

**እዚ ደብዳቤ እዚ ዝጽሕፈልኩም ዘለኹ እዋን ዘይርጉእ ወይ ዘይተጸበናዮ ኢዩ። እቲ ቀንዲ ኣውራ ቀዳምነት መንግስቲ ምሕላው ድሕንነት ተቐማጦ ኦንታርዮ፣እንኮላይ ናይ ተማሃሮን መምህራንን ሰራሕተኛታት ሚኒስትሪ ትምህርትን ኢዩ።** ነዚ ኣቓልቦ ዝሓትት ጉዳይ ንምዕዋት ምስ ኩሎም መሻርኽትናን ምስ ክሎም ኣካላት መንግስቲን ብምትሕብባር ኣድላይ ዘበለ ዕማም ክንፍጽም ኢና።

ካብ መጀመርታ ብዝዕባ እዚ ሕማም ኮቪድ-19 ካብ ንሰምዕ ኣትሒዝና፣ ንድሕንነትን ጥዕናን ናይ ህዝቢ ኦንታርዮ ንምሕላው፣ ምዕባለታት ናይዚ ሕማም ብትግሃት ንከታተሎን ኣለና። ኣገደስቲ ውሳኔታት፣እውን ኣተገቢርና ኣለና ምእንቲ ኣውራጃና ንኹሉ እንተታት ክትዳሎን ክትገጥሞን።

ስለዚ እየ ኸኣ ብዕለት 12 መጋቢት 2020 ካብ ምኽሪ ዶ/ር ዳዊት ዊልያምስ ናይ ኣውራጃ ኦንታርዮ ዝለዓለ ሓላፊ በዕል ሞያ ጥዕና ብምብጋስ። ናይ ሚኒስትሪ ትእዛዝ ምዕጻው ኩለን ብመንግስቲ ዝምወላ ቤት ትምህርታት ናይ ኣውራጃ ኦንታርዮ ክሳብ ዕለት 6 ሚያዝያ 2020 ዝሓበርኩ። መንግስቲ ቆራጽ ውሳኔ ወሲዱ ኢዩ። ካብ ምዕቡላት ዓለማት ካብቶም ቀዳሞት ሕጋዊ ውሳኔ ምዕጻው ቤት ትምህርቲ ዝወሰድና ኢና። ምእንቲ ሓማም ኮቪድ-19 ካይ ስፋሕፋሕ ንምግታእ። ቀዳመይቲ ኣውራጃ ካብ ካናዳ እውን ኢና፣ ናይ ህጹጽ እዋን ኣዋጅ ዝኣወጃና።እዚ ኣዋጅ እዚ ኣብ ትሕቲ ናይ ኦንታርዮ ናይ ህጹጽ እዋን ምሕደራን ህዝባዊ ምክልኻልን ሕጊ ዝወጸ ኮይኑ፣ ናይ ኣውራጃና ክእለትን ዓቕምን ዘማሓይሽ፣ ምእንቲ ዘድሊ ሓገዝ ነቶም ጀጋኑ ሰራሕተኛታት ኣብ ቅድሚት ነቲ ዕዮ ዝዓሙ ዘለዉ ብዝግባእ ስርሖም ክፍጽሙ ንምግባር ኢዩ። እዚ እዋን እዚ ብዙሕ ሕቶታት ዘለዓዕልን ዘይተጨበጥን ኢዩ፣ ተስፋ እገብር እዛ ደብዳቤ ንገለ ሕቶታትኩም ክትምልስ፣ይርደኣኒ ኢዩ ብዙሓት ወለዲ ሕቶታት ከም ዘለኩም።

ምንም እካ ብዛዕባ እዚ ቫይረስን ከመጽኦ ዝኽእል ሳዕቤናትን ጽልዋታትን ብሰፊሑ ይዝረበሉ እንተሎ፣ከም ዝመስለኒ ኣብ ደቅኹም ከምጽኦ ዝኽእል ፍርሕን ስክፍታን ክንርድኦን ኣድላይ ዘበለ ግብረ መልሲ ክንህበሉን ኣድላይ ይመስለኒ፣ ብፍላይ ኸኣ ኣብ ነኣሽቱ ተማሃሮ። ከም ነስተውዕለሉ ዘለና፣ ካብ ብዙሓት ተማሃሮን ወልዶምን ከም ዝሰማዕናዮን፣እዚ ስካፍቲ እዚ ብሰንኪ ዘይርጉጽ ኩነታትን፣ ናይ መራኸቢ ብዙሓን መናፍሕን ኢዩ ዝብገስ ዘሎ። ዘልዕሎም ሕቶታት ይበዝሑ ካብ ዝመልሶም ሕቶታት። ኣብዚ ግዜ እዚ ምስ ደቅቑም ግልጺ ዝኾነ ምዝርራብ ብዛዕባ ኮቪድ-19 ከተዘውትሩን ይምዕደኩም። ምንም እካ ብዛዕባ እዚ ሓማም ዘለዎም ስምዒታት ርዱኡን ቅቡሉን እንተኾነ፣ ዘለዎም ስክፍታን ግብረመልስን ክትርድእሎም ይግባእ።

ንደቅኹምን ንዓኹምን ብዙሕ ምንጪ ሓገዝ ኣለኩም ብፍላይ ከኣ ናይ ቆልዑት ቴለፎን ሓገዝ ኣገልግሎት ንምሉእ መዓልቲ ብዘይ ምቁራጽ ኩሉ ሳዕ ዝህብ (Kids Help Phone, which is Canada’s only 24/7 national support service). ኣድላይ ሓበሬታ ፣ ናይ ሰብ ሞያ ምኽሪ፣ ሪፈራልን ፣ ብናጻ ኣገልግሎት ዝገብሩ/ራ ዝምራሕ፣ብጽሑፍ ሓገዝ ንነኣሽቱ ሰባት ብቃንቃ ኢንግሊዝን ፈረንሳን ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ኢንተርነት ወይ ብቴልፎን ኣውን ፣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣለኩም

Please visit their website: www.kidshelpphone.ca, call:   1-800-668-6868, or text CONNECT to 686868.

ድሕነትን ጥዕናን ደቅኹም ቅዳምነት ዝህቦ ጉዳይ ኢዩ። ብዝሓት ካብኻትኩም ከኣ ደቅና ብኸመይ ትምህርቲ ክቕጽሉ ኢዮም፣ክላስ ካይ ኣተዉ ኸ ብኸመይ ግዕዞ ምምሃር ምስትምሃር ክህሉ ኢዩ ኢልኩም ተሻቒልኩም ከም ዘለኹም ይርድኣኒ ኢዩ። ንምርግጋጽን ምቕጻልን ትምህርቲ ደቅኹም፣ መንግስትና ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ናይ ኢንተርነት መስመር ወይ ኦንላይን ባብ፣ ምንጪ ናይ ዝተፈላለዩ ትምህርታዊ ትሕዝቶ ዘለዎ፣ ንኽሎም ተማሃሮ ዝኸውን፣ ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ 12 ክፍሊ ዘድሊ ትሕዝቶ ዘለዎ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ቀጥታ መስመር ወይ ኦንላይን ባብ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣለኩም፣ Ontario.ca/learnathome፣ እዚ ተዳልዩ ዘሎ መድባት ብኦን ላይን ተማሃሮ ንትምህርቲ ካይመጽኡ ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ትምህርቶም ክቕጽሉን ክከታተሉን የኽእሎም። እዚ ትምህርቲ እዚ ብናይ ኦንታርዮ መምህራንን ምሁራትን ዝተዳለወ ኢዩ። ንኽሎም ክፍልታት ዘገልጋል ናይ

ምምሃርን ምስትምሃርን መርሓ ዝኽተል ኢዩ።ንኹሎም ናይ ካልኣይ ደርጃ ተማሃሮ፣ቀጥታ መስመር ወይ ኦንላይን ትምህርቲ ከም ዝረኽቡ ጌርና ኣለና። እቲ ትምህርቲ ወይ ኮርሳት ቀጥታ ካብ ናይ ኦንታርዮ ካሪክለም ወይ ስርዓተ ትምህርቲ ምርኩስ ብምግባር ዝተቐረበ ኢዩ።

ምንም እካ ኩለን ብመንግስቲ ዝምወላ ቤት ትምሃርታት፣ክሳብ 6 ሚያዝያ ክዕጸዋ ይተኣዘዛ እምበር።ምስ ተቐያያሪ ምዕባለታት ናይ ኮረና ኮቪድ -19 ንዝተናውሓ ምዕጻው ቤት ትምሃርቲ እንተ ኣጋነፈ ንዳሎ ኢና ዘለና። ብፍላይ ከኣ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ካይመጹ ኣብ ዘለውዎ ኮይኖም፣ትምህርቶም ክቕጽሉን ዘድሊ ነጥቢ ወይ ክረዲት ከዋህሉልን ምእንቲ ክኽእሉ፣ ንምርግጋጽ ቀጻሊ ንሰርሕ ኣለና።ኣውራጃ ኦንታርዮ ነዚ መድባት ናይ ኦንልያን ወይ ቀጥታ መስመር ትምህርቲ ቢንተርነት፣ ሃብታም ትሕዝቶ ንኽህልዎ መሪሕ ተራ ሒዛ ኣላ። ስለዚ ኣዚ ኣገባብ ወይ መሳርሒ ናይ ኦን ላይን ቀጻሊ ኣድማዕነቱ ከም ዝውስኽን ዝማሓየሽን ጌርና ኣብ ዕብየት ምምሃርን ምስትምሃርን ተምሃሮ ክንጥቀመሉ ኢና። ነዚ ናይ ኮፕይተር ተክኖሎጂ ኣብ ምርካብ ዕድል ዘይብሎም ተምሃሮ፣ዝረኽብሉ ዕድል ንምፍጣር ቀጻሊ ምስ ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ሓቢርና ንሰርሕ ኣለና።

ለብዘበን ዝምረቑ ቆልዑት ዘለዉኹም፣ትሻቐሉ ከም ዘለኹም ንፈልጥ ኢና።ብዛዕባ እዚ ንጹር ክኸውን ዘለዎ፣ሎሚ ዓመት ዝምረቕ ተማሃራይ ብሰንኪ ናይ ክለተ ሰሙን ቤት ትምሃርቲ ምዕጻውን ኮቪድ -19 ምዕባለታትንን ጽልዎ፣ ምምራቑ/ቓ ከም ዘይተዓናቐፍ ከረጋግጸልኩም ይደሊ። ንኣብነት EQAO መርመራ ናይዚ ዓመት ሰሪዘዮ ኣለኹ። ንኽትምረቕ ዘድሊ ረቓሒ ማለት ናይ ኦንታርዮ ካልኣይ ደርጃ ትምህርቲ ምንባብን ምጽሓፍን መርመራ OSSLT ዕንቅፋት ኣይከውንን ኢዩ። ዕንቅፋት ካይ ከውን ምእንቲ ለውጢ ኣጽዲቐ ኣለኹ።ብተወሳኺ ምስ ሚኒስትሪ ኮለጅን ዩኒቨርስትን፣ሚኒስትሪ ዕዮን ስልጠናን ምዕባለን ክእለትን፣ ናይዚ ሰሚስትር እዚ ኩነታት ወይ ውጽኢት ብዘይ የገድስ ተማሃሮ ስልጠንና ትምሃርትን ሞያ ፣ ኮለጅን ዩኒቨርስቲን ከመልከቱ ወይ ክኣትዉ ዝኽእልሉ መገዲ ንዝቲ ኣለና።

ኣብዚ እዋን እዚ ዝያዳ ዘገድሰና  ኩሉ ጥንቃቐታት ብምግባር ተማሃሮ ናብ ክላሶም ክምለሱ ከለዉ፣ናብ ውሑሱን ጥዕንኡ ዝተሓለወን ትምህርቲ ምማልሶም ምርግጋጽ ኢዩ። ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኹሎም ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ገንዘብ ንጽርየት ዝኸውን መዲቡ ኣሎ። ናይ ቤት ትምህርቲ መሳላጥያታት ፣ ናይ ቆልዑ መከናኸኒ ማእከላትን ናይ ተምሃሮ ኣውተቡሳትን ኣድላይ ጽርየት ከካየደሎም እዩ፣ ምእንቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ተኸፈተ ንዝመጽእ ስግኣታት ናይ ተምሃሮን፣ መማህራንን፣ ሰራሕተኛታትን ቤት ትምህርቲ ንምውሓድ።

ኩሉኹም ካብ ወጻኢ ካናዳ፣ ካብ መገሻ ዝተመለስኩም፣ለበዋ ዶ/ር ዊልያምስ ላዕለዋይ ሓላፊ ናይ ሕክምና ኣውራጃ ኦንታሮዮ፣ንግዛእ ርእስኹምን ስድራቤትኩምን ከተትግብሩ ኣለኩም።ነብስኹም ን14 መዓልታት ኣግልሉ።እዚ ማለት ከኣ ኣብ ገዛኹም ኮፍ በሉ።ምስ ካልኦት ሰባት ኣይትራኸቡ፣እዚ ስጉመቲ እዚ፣እቲ ሕማም፣ናብ ዘይግሹ ኣባላት ስድራቤትኩምን ወይ ከኣ ኮሚኒትኹምን ካብ ምልባዕ ክሕግዝ ኢዩ። ኣብ ገዛእ ርእስኻ ወይ ኣባላት ስድራቤትካ ናይ ኮረና ቫይረስ ኮቪድ -19 ምልክታት እንተ ርኢኻ/ኺ፣ወይ ከኣ ምስ ዝሓዞ/ዛ ጥቡቕ ርክብ እንተ ጌርካ/ኩም/ክን ኣብ ልዕሊ ነፍስኻ/ኺ ምግላል ፣ ናይ ገዛእ ርእስኻ/ኺ ገምጋም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ናይ ኢንተርነት ontario.ca/coronavirus መርመራ ግበር፣ ምእንቲ ብዛዓባ ተወሳኺ ዘድሊ ክንክን ክትውስን።እዚ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ንባዕልኻን/ኺን ስድራቤትካን/ክን ናይ ጥዕናን ድሕነትን ዘድሊ ኩሉ ሓበሬታ ኣለዎ።

ኣብዚ በዳሂ እዋን፣ መንግስቲ ኣውራጃ ኦንታርዮ ብተወፋይነት ክሰርሕ ኢዩ፣ምእንቲ ድሕንነት ናይ ህዝቢ ኦንታርዮ ንምርግጋጽ።ከም ሚኒስተር ትምህርቲ ከረጋግጸልኩም ዝደሊ ፣ ጥዕናን ድሕንነትን ናይ ደቅኹም ቀዳምነት ብምሃብ ፣ ካብ ሳይነሳዊ ሓቅታት ወይ መርትዖታትን፣ ዝበልጸ ምኽሪ ካብ ሰብ ሞያ ጥዕና ብምቕባልን ኣገደስቲ ውሳነታት ክውስን ኢየ።

ስራሕና እንዳ ቀጸልና ኮለና፣ ቀጻሊ ሓበሬታ ክንልእከልኩም ኢና።

ወዳሓንኩም

ክቡር ስቴፈን
ሚኒስተር ትምህርቲ

ትርጉም
ሚኪኤል ኤልያስ